# መብጽዓ



አንታ ዓቢደዶ፣ ተጸሊለ
እንተ ኾይኑለይስ፣ እንተ ኸኢለ
እግሪ ዳዕሮ፣ ትሕቲ አውልዕ አጽሊለ
ደርጊ ስና ጸባ ዝመሰለ
ኹሕለይቲ አዕይንታ ዕንጉለ
ምስ መሐዛይ እሂን-ምሂን ኢለ
ኸዝአይተይ ዳጊዝ ተላዒለ
ክኸድ ላሊበላ በርደግ ኢለ



ከም ዳጉሻ ቖላ ዝበቖለ
ላዕልን ታሕትን ክብል ሽውላለ
ድንገት ተላዒሉ ዝነቐለ
ይአኽለኒ ኽንደይ ሕምበለለ
ድቋ ስዋ፣ ጉዕሽ ዝጸለለ
መሲሉኒ ነይሩ እተዓንገለ
ገና ንጉሆ ምድሪ እተዓለለ
በታ ቖንጆ ልበይ ተቃጸለ



እንተወረድኩንያ ንደጉዓለ
እንተደየብኩኽ ንሓሓይለ
ተዓሽየ ድየ፣ ተታሊለ
'ታ መብጽዓይ ብስርዓት መቒለ
ንኽልቲአን ታቦት አካፊለ
ጽላት አኽሱም ድባብ አጽምቢለ
መሰስ ኢለ ምርኩሰይ ተኺለ
አነስ ክኸድ ድጊም ንበራሕለ

ገ/ኢ.. ጐርፉ።